**<u>እንታውነትና ኣይፈለጥዎን፡</u>**

*ንሕና ትግርኛ፡ ንሕና ትግረ፡
ንሕና ዓፋር፡ ንሕና ሳሆ፡
ንሕና ብሌን፡ ንሕና ሕዳረብ፡
ንሕና ናራ፡ ንሕና ኩናማ፡
ንሕና ራሻይዳ፡ ኩልና ሓደ ስድራ።

*እንግሊዝ ፈቲኑ ክመቓቕለና፡
ከም ስጋ ጎዝዩ ክኸፋፍለና፡
ገለ ንሱዳን ገለ ንኢትዮጵያ ክዕድለና።

*ከይንፈላለ ስለ ዝመሓልና፡
እምቢ፡ዩ ኔሩ መልስና፡
ውዲቱ ኣፍሺልና ሓደ ዝኾና።

*ሃገረይ ምባል ገበን ተቖጺሩ፡
ብዙሕ ሚሂዞም መበቆልና ከሕርሩ፡
ከምዘይ ንህሉ ታሪኽና ክቕብሩ፡
ጥምረትና ውዲቶም ሲዒሩ።

*ሓደዩ ሕብርና ሓደዩ መልክዕና፡
ሓደዩ ሓሳብና ሓደዩ ስጉምትና፡
መሸለኸ ኣብ ምዕጉርትና፡
ንዛረብ ብትሽዓተ ቛንቋና።

*መንዩሞ ሎሚ ብግርናበት ክፈልየና፡
ሰብ መሸለኽዮም ቀተልቲ ዝብሉና፡
ሓደ ህዝቢ'ና መውስቦ ዘይፈልየና፡።

**ንሕና መን ምዃና ረሲዕኩሞ?**

*ደቂ ደንከል ደቂ ራስ ዱመራ፡
ደቂ ኣከለ ደቂ እምባሶይራ፡
ደቂ ሓማሴን ማእከላ ኣስመራ፡
ደቂ ሰራየ ሳንጀርጀ መንደፈራ፡
ደቂ ሳሕል ናይ ጀጋኑ ስፍራ፡
ደቂ ሰንሒት ማርያም ደዓሪት ጽላላ፡
ደቂ ጋሽ ባርካ መሶም ኤርትራ፡
ደቂ ሰምሃር ባጽዕ ኣፍደገ ባሕራ።

**ጠራሮ** ሕጅኸ ገለ ኣይትዝከሩ መን ምዃና?

*ደቂ ትችዓተ ብሄር ኢና መሸለኽ ግርማና፡
ኣብቲ ሕማቕ ግዜኹም ኣብሊዕና ዘስተና፡
ከዲና ኣዕጢቕና እግሪ ዘትከልና።
እወ ንሕና ኢና መሸለከ ኣብ ምዕጉርትና፡
እወ ንሕና ኢና መሸለኽ ኣብ ምዕጉርትና፡
እወ ንሕና ኢና መሸለኽ ኣብ ሙዕጉርትና፡
ደቂ ኤርትራ ቀይሕ ባሕሪ ቅናትና።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር